

## ንዘለኻ መሰላት ምፍላጥ

ናይ ማይግራንት/ስደተኛ ሠራሕተኛታትን ቪዛ ዘለዎም ሰባት ከምናይ ካልኦት ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዘለዉ ሠራሕተኛታት ተመሳሳሊ ዝኾነ ናይ ሥራሕ ቦታ መሰላት ኣለዎም። እዚኦም ብሕጊ ዝተሃለዉ እዮም። ናይ ፍትሓዊ ሥራሕ መርመረ መረረ/ The Fair Work Ombudsman ብዘይክፍሊት ብናጻ ኣገልግሎት ከምዘዳልውን እሞ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ክትሰርሕ እንከሎ ንዘለኻ መሰላት ንክትፈልጥ ክሕግዘካ ይኽእል። በዞም ዚኻተቱ:

- ውሑድ መጠን ክፍሊት
- ኣብ ሥራሕ ካልእ ውሑድ ቅድመ ኩነታት፤ ምግዳፍ ወይኻዓ ካብ ሥራሕ ምትራፍ ዘኻተተ
- ኣብ ሥራሕ መከላኸሊ፤ ካብ ኣድልወ ፈጠራ ናጻ ምኳን ዘኻተተ

ኩሉም ናይ ሥራሕ ቆጸርቲ በዚ ታሕቲ ንዘሎ ሕጊታት ክኽተሉ ኣለዎም። ንኣብነት፡ ዋላ'ኳዕ እቲ ናይ ሥራሕ ተቆጻራይ እንተተስማምኣ ብዘየግድስ፤ በቲ ሕጊ መሰረት ካብዝወጸ ዝውሓደ መጠን ንታሕቲ ምክፋል ኣይኽእሉን እዮም።

ብዛዕባ ናይ ሥራሕ ቦታ ዘለኻ መሰላት መረዳእታ ንምርካብ ብዌብሳይቲ www.fairwork.gov.au, ኣቲኻ ምርኣይ ወይኻዓ ንፍትሓዊ ሥራሕ መርመረ መረረ/Fair Work Ombudsman ብስልኪ 13 13 94 ምድዋል። ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተኾይንካ፤ ንተርጓማይን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ (TIS) 13 14 50 ጌርካ ምድዋል።

መረዳእታ ወይኻዓ ምስጢራዊ ዝኾነ ምኽሪ ንምርካብ በጃኹም ንኣውስትራሊያ ቀይሕ መስቐል ኣዘራርቡ።

ስልኪ፡ 1800 113 015

ኢሜል፡ national_stpp@redcross.org.au

W: redcross.org.au/workrighthub

*This Modern Slavery grant activity received grant funding from the Australian Government.*

May 2024

TIGRINYA

Australian Red Cross

# ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዘመናዊ ባርነት ፈጠራ





**ዘመናዊ ባርነት** ማለት ንግለሰባት ንምብዝባዝን ናጽነቶም ንምግፋፍ ዝጥቀሙሉ ምግዳድ፣ ምፍርራሕ ወይኻዓ ምትላል ይኸውን። ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ እዚኦም ከቢድ ገበን ወንጀል ከምዝኾኑ፣ በዚ'ውን ብምግዳድ ሥራሕ፣ ሰብ ምዝውዋር፣ ባርነትን ንዕዳ መተኽኢ ሥራሕ ምግዳድ ዘኻተተ እዩ።

**ዝኾነ ሥራሕ ኣገዲድኻ** ብዘይድሌትካ ሓደ ሰብ እንዳፈራርሓ ወይኻዓ ብመቀጸዕቲ ክትሠርሕ ምግባር ብሓይሊ ኣመጽ ኣሠራርሓ ይብሃል። ናይ ሰባት **ዘይሕጋዊ ምዝውዋር/** Trafficking ማለት ንዝኾነ ሰብ ምእንታን ክትብዝብዞ ብምትላል፣ ምፍርራሕ ወይኻ ብምግዳድ መሪጽኻ ወይኻዓ ክጉዓዝ ምግባር እዩ። እዚ ብዝኾነ ኢንዱስትሪ ክፍጠር ይኽእል፣ እዚ'ውን ሕርሻ፣ ኣሰበዳለ፣ ሕንጸት፣ ጽሬትን ንጾታዊ ርክበ ስጋዊ ኢንዱስትሪ ዘኻተተ እዩ።

**ባርነት** ማለት ፍርሓት፣ ምግዳድ ወይኻዓ ምትላል ስለዘሎ፣ ሓደ ሰብ ካብ ሥራሕ ጠጠው ንምግባር ወይኻዓ ካብ ሥራሕ ንምግዳፍ ፍቓድ ንምርኻብ ነፃነት እንተዘይሃልይዎ፣ ከምኡ'ድማ ካብ ሥራሕ ወጻኢ ብሕይወት ናብርኦም ዘሎ ብሕታዊ ነጻነት ዝተበላሸወ ይኸውን። **ናይ ገዛ ውሽጢ ባርነት** ዝፍጠር ብገዛ ውሽጢ ሥራሕ ትሕዝቶ ከምዝኾነ እዋ ናይቲ ሥራሕ ተግባር መጠን ናብ ባርነት ዘብጽሕ እንተኾይኑ እዩ።

**ዕዳ መሸፈኒ** እዚ ሓደ ሰብ ንዘለዎ ዕዳ ንምክፋል መሸፈኒ ብዝብል ግላዊ ኣገልግሎት ክጥቀም እንከሎን ወይኻዓ ብዙሕ ዕዳ እዩ ኢልካ ንምሕታት፣ ወይኻዓ እቲ ሰብ ዝገብሮ ናይ ሥራሕ መጠን ነቲ ዕዳ ንምሽፋን ምክንያታዊ ዘይምኺን እዩ።

## ንመዝመዛ ምልክታት

- ብምግዳድ ክትሠርሕ ምግባር
- ምስ ንእሽተ እረፍቲ ንነዊሕ ሰዓታት ክትሠርሕ ምግባር
- ብኣግባብ ክፍሊት ዘይምርካብ
- ንሥራሕ ክትቖጸር ዘዳለወ ወይኻዓ ንሥራሕ ቆጻሪ፣ መጉዓዚያ፣ ንመጽለሊ ቦታ፣ ንኽዳን፣ መግቢ፣ ትራንስፖርቲ ወይኻዓ ንሥራሕ ዶኩመንቲታት ብዙሕ ዕዳ ምክፋል
- ንናይ ሥራሕ ቦታ ምግዳፍ ወይኻዓ በቲ ኩነታ ምስምማዕ ዘይምኻል
- ኣብ ሥራሕ ቦታ ምፍርራሕ ወይኻዓ ምፍራሕ፣ ከም ካብ ሃገር ትስጐግ ኢካ ወይኻዓ እቶም ስድራቤት ኣባላት ጉድዓት ክበጽሆ ብምባል ምፍርራሕ
- ንናትኻ ፓስፖርቲ ወይኻዓ ካልእ መለለዩ ዶኩመንቲ ባጤራ ክትረክብ ዘይምኽኣል
- ሓኪም ክትርእይ ዘይምኽኣል ወይኻዓ ሕክምና ፈውሲ ክትረኽብ ዘይምኽኣል

## ብ ዝኾነ ሰብ ትሠርሕ እንተኾይንካ፣ እዚኦም ናይ ምዝመዛ ዘይግቡ ምጥቃም ምልክታት እዮም:

- ንግሊ ጉዳይ ኢልኻ ካብ ገዛ ብምንም ወይኻዓ ሓሓሊፍኻ ክትወድእ ምኽኣል
- ካብ ገዛ ክትወጽእ ትኽእል ብትሕቲ ሥራሕ ቆጻሪ ቁጽጽር ጥራይ
- ምስ ስድራቤት ወይኻዓ መሓዙት ክትራኸብ ዘይምፍቓድ
- ንናትኻ ስልኪ ምምንጣል
- ተዳቢልኻ ወይኻዓ ዘይሰማማዕ ቦታ ክትድቅስ ምግባርን ንዝኾነ ብሕታዊ መገልገሊ ቦታ ዘይምሃብ
- ንጸርፍታት፣ ኣትሒትና ብምውራድ ምትዕንጋድ፣ ንበደል ወይኻዓ ሁከት ምግላፅ
- ናይ ድቃስን መግቢ ምክልካል ፈተነ



## ደገፍ ይዳለው እዩ

ቀይሕ መስቀል ምክሪን ደገፍ ከምዝህብን ናብ ካልኦት ሓገዝ ዝህቡ ኣገልግሎታት ምልኣኽ ይኽእል እዩ። ናይ ኣስተርጓማይ ግልጋሎት ይዳለው እዩ።

ብስልኪ 1800 113 015 ምድዋል ብኢሜል: national_stpp@redcross.org.au

ከምኡ'ውን ሰባት ናብ ዝነበርዎ ክምለሱን ሕይወት ናብርኦም ዳግም ንክመዓራረ ዝሕግዝ ናይ ናይ ሓገዝ ፕሮግራም ኣሎ። ሰባት ድሕንነት ዘለዎ ዝኾነ መጽለሊ ቦታ ንምድላይ፣ መዲኬር ንምርካብ፣ መማኽርቲን ሕጋዊ ዝኾነን ናይ ማይግሬሽን/ስደተኛ ምኽሪ ፋይናንሻል ሓገዝ፣ ንትምሀርቲን ሥልጠና ወይኻዓ ሥራሕ ንምድላይ ደገፍ፣ ከምኡ'ውን ምስ ማሕበራዊ ንምርኻብ እቲ ፕሮግራም ይሕግዝ። ብዛዕባ እዚ ፕሮግራም ቀይሕ መስቀል ብዝበለጸ ክነግረካ ይኽእል እዩ።

እዚ ሥራሕ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝረኸቦ ብትሕቲ ንዘይሕጋዊ ሰባት ምዝውዋር ደገፍ ፕሮግራም/Support for Trafficked People Program ብዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መምርሒ/Department of Social Services ይኸውን።

ብዘይክፍሊትን ሚስጢራዊ ዝኾነ ሕጋዊ ምኽሪ ንምርካብ፣ ንጸረ-ባርያዊ ኣውስትራሊያ/ Anti-Slavery Australia ብስልኪ 02 9514 8115 ምድዋል ወይኻዓ ብኢሜል ASALegal@uts.edu.au

ናይ ህጹጽ ጸገም ወይኻዓ ብዝኾነ ሰብ ድሕንነት ጸገም እንተኾይኑ ንፖሊስ ብ 000 ምድዋል። ዘመናዊ ዝኾነ ባርነት እንተሃልዩ ንኣውስትራሊያ ፈደራል ፖሊስ ብስልኪ 131 237 ጌርካ ምድዋል።

በቲ ኩነታት ሕጻን ተሳትፎ ዝገብር እንተኾይኑ ብናይ ሕጻን መከላከሊ ሕጊታት መሰረት ሪፖርቲ ናይ ምግባር ግዴታ ክነብር ይኽእል።